ዝኸበርኩም ደለየቲ ለወጢ፤
ዝኸበርክን ኣዴታት፡
ዝኸበርኩም ኣቦታት፡
ኩሉኹም ኣሕዋትን ኣሓትን

ሰብ ሕልና ስለ ዝኾና፡ ሓልዮት ህዝቢ ስለ ዘለና፡ ጉዳይ ህዝብንና ሃገርናን ልዕሊ ኩሉ ስለ ዘሻቕለናን ድቃስ ስለ ዝኸለኣናን፡ ኣብዚ ተረኺብና ነቲ ድምጹ ተዓፊኑ ዘሎ ህዝብና ድምጺ ሓቂ ክንኮኖ፡ ጠለቡን ባህጉን ናትና ገይርና ወኒና፡ ኣጆኻ ኣይጠለምናካን ክንብሎ፡ ብሓንሳብ ተኣኪብና ይኣክል – ይኣክል ክንብል ኣብዚ ምእከብና፡ ኩላትና ክንሕበን ይግባእ።

ነቶም ንህዝብና ከም ናይ ብሕቲ ንብረቶም ዓትዒቶም ትንፋስ ብምኽላእ ንሃገርና መሻቕጢ ናይ ወልቂ ድልየቶም ገይሮማ ዘለው፡ በቃ ኣኺሉ’ዩ መዓልትኹም ትሓጽር ኣላ ንብሎም። እዚ ከኣ መንእሰያት ኮይና ትስፉዋት ስለ ዝኾና ዘይኮነ፣ እታይ ዳኣ: ዓበይቲ ዓዲ ከፋቕሩና፡ ምሁራት ክምህሩና፡ በላሕቲ ከለብሙና፡ ተቓለስቲ ከቃልሱና፡ ኣዴታት ክምዕዳና፡ መራሕቲ ክሕንጽጹልና፡ መንእሰያት’ውን እጃምና ክንገብር፡ ክንወርስ ኣብዚ ብሓንሳብ ኩልና ተኣኪብና ስለ ዘለና፡ እቲ ለወጢ ቀሪቡ ከም ዘሎ’ዩ ዘረጋግጸልና።

እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝተደጎለ ሓዊ ዝጠፈአ ይመስል ከም ዝብሃል፡ ኣብ ወሽጢ ዘሎ ህዝብናን ሰራዊትን ነዚ ስርዓት ክኣልይዎ ምዃኖም ስለ ንኣምን’ዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንሰራዊት ሃገረ ኤርትራ፡ ጸዊዒት ህዝቢ ሰሚዕካ፡ ምስ ህዝብኻ ወግን ንብል። ነዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ካብ ሕቖ ህዝቢ ኣወግዶ። ማሳል ህዝብን ክብሪ ሃገርን ናብ ቦትኡ ምለሶ ንብሎ።

ኣብ ሜፎሽታ ከም ደለይቲ ለውጢ፡ ኣብ ቃልና ጸኒዕና ኣብዚ ዝኸይድ ዘሎ ቃልሲ ግደና ክንገብርን ዓቕምና ዘበለ ግዜን ንዋትን ከነበርክትን ቃል ንእቶ: ኣነ እውን ቃል ያኣቱ::

የቐኔለይ!

(ብዳኣንኤል ተወልደ ኣብ ሲምፖዚዮም ዲሲ ዝቀረበ ቃል መንእሰያት)